# ናይ ሓዘን መግለጺ

ሞርድእ ዕረፍቲ ናይ ኣባ ሓይልኣብ ኪዳነ ሞርያም ሰሚዕና ብዙሕ ሓዚንና ። መንግስተ ሰማይት የዋርሶም ። ሌላና ምስ ኣባ ሓይልኣብ ኣብ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኣብ ከሰላ ሱዳን ፡ ኣብ 1979 እዩ ። ኣባ ሓይልኣብን ፣ ኣባ ተስፋዝግን ብዙሓት ደናግልን ፡ ነዛ ቤትክርስትያን ፡ ተቐባሊት ድኹማትን ጽሙኣትን ጥሙያትን ፡ ኣደዳ ስደት ናይ ዝኾኑ ብዙሕት ኣርትራውያን ጽላል ገበርዋ ። መጻለዪት ፣ መጽለሊት ፣ መራኸቢትን ፡ ቤት ቡስጣን ( ፖስት ኦፊስ ) ፣ ንኹሎም ኣርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ከሰላ ኰይና ። እዚ ኩሉ ርሕራሔን ሓልዮት ህዝብን ናይ ኣባ ሓይለኣብ እዩ ።

ኣባ ሓይለኣብ ብጣዕሚ ለውህን ሕያዋይን ኢዮም ዝነበሩ። ጸገምህዝቦምን ምቕላል ብዙሕ ይጽዕሩ ነይሮም።

ኤርትራውያን ኣብ ከሰላ ምስ ኣተዉ ቀዳማይ ጸገሞም ናይ ደቆም ትምህርቲ ስእነት ነበረ ። ንእዚ ጸገም ንምፍታሕ ፡ ኣባ ሓይልኣብ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኣኤርትራ ብምትሕግጋዝ ፡ ቤት ትምህርቲ ከፊቶም ስለ ዝነበሩ ደቀይ ኣብኡ ክመሃሩ ጸንሑኒ ፡ ኣነውን ኣብኡ ተቘጺረ ስድራይ ይዕንግል ነበርኩ።

ሰንበትሰንበት ኣባ ሓይልኣብ ቅዳሴኦምን ጸሎቶምን ምስ ወድኡ ፡ ንክርስትያን ኣመንቲ ወንገላውያን (ከንሻ ) ኣሕዋቶም፣ ኣብቲ ቤተ ክርስትያን ፣ ንክጽልዩ ተፈቒድሎም ርእየ ። መንገዲ ሰላምን ፍቅርን ምክብባርን ዝመርሕ ተግባር ንመጀመርያ ግዜ ኣብዛ ቤተክርስትያን ክትግበር ኣስተውዓልኩ፡ ብልበይ ን ኣባ ሓይልኣብ ኣድነቕክዋም።

ዝኾነ ሰብ ኣብ ካልእ ሃገር ንዘሎ ቤተ ሰቡ ኣድራሻ ናዛ ቤተ ክርስትያን ገይሩ እዩ ዝራኸብ ዝነበረ ። ኣስማት ናይ መልእኽቲ ዝመጾም ሰባት ኣብቲ ናይ ምልክታ ሰለዳ ይጸሓፍ ነበረ ። ዓቢ ሓገዝ ንስደተኛ ።

ኣባ ተስፋዝጊ ፣ ኣቐዲሞም ዓሪፎም ኢዮም ፡ መንግስተሰማይ የዋርሶም። ናይ ቋንቋ ዓረብ ፍልየጠት ስለ ዝነበሮም ኣብ ናይ ፖሊስ ዝርከብ ዝነበረ ናይ ህዝብና ጸገማት ከም ናይ ተስሪሕ ናይ ይህለፍ ፍቓድ ኣብ ምስላጥ ተወሳኺ ሓገዝ የበርክቱ ነይሮም።

እዚ ተዘክሮን ምስጋናን ናይ በዓልቲ ቤተይ በፍታ ዕቝባክርስቶስ ምስ ኩሎም ደቀይ እዩ ።

ን ኣባ ሓይለኣብ መንግስተ ሰማይ የዋርሶም።
ን ቤተሰቦምን ፈተውቶምን ብመንፈስ ውሉዳቶምን ጽንዓት ይሃቦም።

**መም ሰሚረ ወልደኣብ**
ጀርመን